# ሰንበት ዘዕርገት

## ሰነ 9 2016 ዓ.ም.( 6/16/2024)

እንዘ ይባርኮሙ ተረኀ ቆመ መሠጦ ደመና ወሠወሮ ወይቤሎሙ ሰላምየ አኀድግ ለክሙ



መዝሙር፡ በሰንበት ዐርገ ሐመረ.. . . ብሰንበት አብ መርከብ ደየበ ንባሕርን ንንፋሳትን ገሰጾም፥ ከምዚኸኣ በሎም፥ አብ ልብኹም ጥርጥር አይእቶ ከምቲ አቦይ ንአይ ዝለኸኒ አነ ኸአ ንአኻትኩም እልከኩም አሎኹ አብ ቤት አቦይ ብዙሕ ማኃደር አሎ እንደገና ክመጽእ እየ ምሳይ አብ መንግስቲ አቦይ አብ ሰማያት ምእንቲ ክትኮኑ እውን ክወስደኩም እየ።

ንባባት፡

ኤፌ 1፡17-23፥ 1ጴ 3፡15-ፍ፥ ግ.ሓ. 1፡1-11፥ ማር 16፡14-20 (ዕብ. 9፡24-28፥ 1፡፡19-23)፡ ማቴ 28፡16-20፥ ሉቃስ 24፡46-53)።

ስብከት፡

ዓርገ እግዚአብሔር በይባቤ፥ ወእግዚእነ በቃለ ቀርን፥ ዘምሩ ለአምላክነ ዘምሩ። እግዚአብሔር ብዕልልታ ዓረገ፥ ጎይታና እውን ብመለኸት ዓረገ፥ ዘምሩ ንኣምላኽና ዘምሩ መዝ. 47፡5-6።

ብዛዕባ ዕርገት ኢየሱስ ንሰማይ ዝንገር ሓደ ጽውጽዋይ አሎ። ኢየሱስ ንሰማይ ምስ ዓረገ ገብርኤል መልአኽ ረኺብዎ ይብሃል ከምዚ እናበለ ኸአ ሓቲትዎ። ሕጂ ተልእኮኻ/ሥራሕካ ፈጺምካ መጺእካ አሎኻ ግን እንታይ መደባት ገርካ መጺእካ ነቲ አብ ዓለም ዘምጻእካዮ ሓቂ አብ ኩሉ ከም ዝበጽሕ ክትገብር? ኢየሱስ ከምዚ እናበለ መሊሱ፥ ከምቲ አነ ንድላይ አቦይ ዝገበርኩ ነቲ አነ ዝበልክዎ ዝቕጽሉ ካብቶም ብዙሓት ዝስዕቡኒ ዝነበሩ ገፈፍቲ ዓሣን መኽፈልቲ ቀረጽን ሓርየ ጻዊዐ ኢልዎ። ገብርኣል ቅጽል አቢሉ ብዛዕብኦም እፈልጥ እየ፥ ግን እንታይ ካልእ መደብ ገርካ? ኢየሱስ ክምልስ እንከሎ፥ ንጴጥሮስ፥ ያዕቆብን ዮሓንስን ብዛዕባ መንግስቲ አምላኽ ምሂረዮም፥ ንቶማስ ብዛዕባ እምነት፥ ኩሎም ንህዝቢ ክምህርን ከሕውን ከሎኹ ምሳይ ነሮም ኢልዎ። ገብርኣል ትቕብል አቢሉ፥ እዚ ዘየተአማምን ዕድል/ዕጫ ከምዝኾነ ትፈልጥ ኢኻ ብርግጽ ካልእ መደባት ክህልወካ አለዎ ስራሕካ ብላሽ ኮይኑ ከይተርፍ። ኢየሱስ ትሕት ብዝበለ ድምጺ ክምልስ እንከሎ "ካልእ መደብ የብለየን፥ መደበይ አብኦም ሓዲገዮ አሎኹ ኢልዎ ይብሃል።

ቀጸልቲ መደብ ኢየሱስ ኩልና ብጥምቀት ዝአመናን አብኡ እምነት ገርና ምስ ቤተ ክርስትያኑ እንጉዓዝ ዘሎና ኢና። ነፍስወከፍና አብ ግራት አምላኽ እጃምና ክነበርክት ትሑዛት ኢና። ብማዕዶ ካልኦት ክገብሩ ጥራሕ ምድላይ ናይ ሓደ ተልእኮ ክርስትያን ዘይተሰቕሮ ጥራሕ እዩ።

ናይ ሎሚ ሰንበት ፯ይ ሰንበት ዘትንሣኤ ኮይኑ ዘዕረገት ኢልና ንሰምዮ ። ብዓለ ትንሣኤ ካብ እነብዕል 40 መዓልቲ ሓሊፉ ዝሓለፈ ኃሙስ ዕርገት ተባዒሉ፥ አብ ገለ ሰበኻታት ንሓዋርያዊ ጥቕምን ተሳትፎን ክጥዕም አብ ሰንበት የብዕልዎ አብ ስርዓት ሃገርና ድሕሪ ዕርገት ዘላ ሰንበት ዘዕርገት ኢልና ንዝክራ።

አብ ኩሎም ወንጌላውያን ኢየሱስ ከመይ ኢሉ ምድራዊ ሕይወቱ አብ መጨረሻ ከም ዝሓለፈ ዝገልጽን ከመይ ኢሉ ከም ዝተፈልዮም ዝገልጽ ንረክብ። እንተ ኾነ አብ ሉቃስን ግብሪ ሓዋርያትን ብሓደ ወገን ማቴዎስን ማርቆስን በቲ ካልእ ወገን ዝመሳሰልን ዝፈላለይን ነገራት ንረክብ።

አብ ሉቃስን ግ.ሓ.ን ዕርገት አብ ቢታንያ ጥቓ ኢየሩሳሌም ከም ዝኾነ ይነግሩና። ማቴዎስን ማርቆስን ግና አብ ገሊላ ኸም ዝተፈልዮም ይነግሩ። ክልቲኦም ወገን ግን አብ እምባ ከም ዝተፈጸመ እዮም ዝነግሩ።

አብ ሉቃስን ግ.ሓ.ን ዕርገት ድሕሪ ትንሣኤ ድሕሪ 40 መዓልቲ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ደጋጊሙ ምስ ተራእዮም ከም ዝኾነ ይነግሩና። አብ ማቴዎስን ማርቆስን ግን አብ መንጎ ትንሣኤን ዕርገትን ዝኾነ ጊዜ ምእስ ከም ዝኾነ ዝሕብር አይንረክብን። ዳርጋ እቲ ፩ያ ዝተራእዮ መጀመርያን መጨረሽታን እዩ።

አብዚ ተመስሪትና ሓደ ንጹር ነግር እንርእዮ ወንጌላውያን አብ ታሪኻዊ ሓቅታት ዕርገት ክነግሩ ዝዓለሙ አይኮኑን፥ ንሳቶም ብዝያዳ ዘተኩሩሉ መልእኽቲ ተስፋ ግርማ ሞገስና ምምሕልላፍን ንተልእኮ ኢየሱስ ብሓላፍነት ለቢሳካ ምቕጻልን እዩ።

አብ ግ.ሓ. 1፡1-11 ዝተነበ ሉቃስ ብዛዕባ ዕርገት ዝሃቦ ኢና ሰሚዕና። ኢየሱስ ነርድእቱ ክሳብ ቢታንያ ወሲድዎም አብ እምባ ምስ በጽሑ ከአ እናረአይዎ ንሰማይ ዓረገ ካብ አዒንቶም ከአ ደመና ሰወረቶ። ሽዑ እናተሓጎሱን ንአምላኽ እናአመስገኑን ንኢየሩሳሌም ተመሊሶም። አብዚ ክልተ ክነስተውዕለሉ ዝግብአና ነገራት አሎ።

፩ያ ንቢታንያ ወሲድዎም ይብል፥ ቢታንያ እታ ኢየሱስ ንኢየሩሳሌም ብሰንበት ሆሣዕና ዝአተዋ እያ። ሕጂ እውን ካብ ቢታንያ እዩ ኢየሱስ ናብ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ማኅደር ሰማያዊ አብኡ ዝአቱ ዘሎ።

፪ይ እቲ ዝጥቀስ ደመና ከም እንርእዮ ደመና አይ ኮነን። አብ ብሉይ ኪዳን ምልክት አምላኽ ምስ ህዝቡ ከምዘሎ ዝገልጽ እዩ አብዚ እንርድኦ ከአ ሕጂ እውን አብ ማእከሎም ከምዘሎ ዝገልጽ እዩ፥ ስለዚ እግዚአብሔር አቦ እዩ አብ ዕርገት ኢየሱስ ዝዋሳእ ዘሎ።

ዕርገት ኅይታ፥ ፍሉይ ፍጻሜ አብ ሕይወት ኢየሱስ ከምኡ ጠቓሚ ብዓል አብ ቤተ ክርስትያን እዩ። እሞ ንሕና ከመይ ንርእዮን ነብዕሎን አሎና? ብሓቂ ክንርእዮ እንተ ኾና እንታ እዩ ትርጉም ዕርገት፥ እንታይ እዩ ሎሚ ብፍላይ አብ ሕይወት ንነፍሰወከፍና ዘልኦ ፍሉይነት?

፩ያ ዕርገት ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ግርማ ሞጎስ ድሕሪ ትንሣኤ ዝተፈጸመ ፍጻሜ እዩ። ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ሕማማት ሞት ኢየሱስ ትንሣኤኡ፥ ዕርገቱን ጽብራቅጦስን ኩሎም ሓደ ነገር የቕሙ፥ ካብ ነነድሕዶም ዘየፈላሊ ዘተአሳስር ሓደ ናብቲ ሓደ ዘመልክት አልኦም።

አብዚ ዘሎናዮ ዘመን ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ውሩይ እዩ ሓንቲ ጋንታ ወይ ሓደ ፍሉይ ተጻዋታይ ካብታ ጋንታ ብጽቡቕ ተጻዊቶም እንተ ሰዓሩ ድሕሪ ጸወታ ነቲ ቀንዲ ተጻዋታይ/ወቲ ናይ እታ ዝሰዓረት ጋንታ ደገፍቲ ጸሮም ሓፍ የብልዎ። አብዚ እዋና ንመርዓትን መርዓውን አብ ገለ ጓይላ ዕሰልየ ክብሉ ከለዉ አዕሩኽ ሓፍ የብልዎም እዚ ኸአ ፍልይቲ መዓልቶም ከምዝኾነት ልዕሊ ኹሉ ሓፍ ክብሉ ክሕጎሱ ንማለት እዩ። ንሰብ ወይ ንሓደ ሓፍ ክተብሎ ከሎኻ ናይ ክብሪ፥ ብኹሉ ክርአ ከምኡ ካብቶም ዝርእይዎ ዘለዉ መን ምኳኑን እንታይ ከምዝገበረን ንኽርእዩ እዩ። እዚ ምስ ዕርገት ኢየሱስ ክንርእዮ ከሎና ተመሳሳላይ እዩ። ትንሣኤኡ ዓወት አብ ልዕሊ

ኃጢአትን ሞትን፥ እግዚአብሔር ብምሉእ ስለ ዝተሓጎሰሉ ንመንግስተ ሰማይ ኣብ ሕቊፉ ሓፍ ኣቢልዎ እዚ ዕርገት ንብሎ። ሕጂ ኢየሱስ ንነፍሲ ወከፍና ኣብ ሰማይ ይጽበየና ኣሎ፥ ዕርገቱ ተስፋ መጻኢ ክብርናን ዋሕስ ኣብ ሰማይ ከም እንረኽቦን እዩ።

ዕርገት ንጰራቅሊጦስ መቀራረቢ ሓደ ደረጃ እዩ። ንሓዲስ ልቢ፥ ንሓዲስ መንፈስን ሓዲስ ኃይሊ እምነትን ዝመጽእ ሰንበት እነብዕሎ ብዓል። ሰማያዊ ኣቦ ንኢየሱስ ንሰማይ ክወሰዶ እንከሎ ፍሉይ ምቅርራብ ቅድሚ ምኻዱ/ምፍልዩ እዩ ገርሉ፥ መንፈስ ቅዱስ ክልእኽ እዩ። ከምቲ ወንጌል ሉቃስ ዝብሎ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ዘተስፈዎም ካብ ላዕሊ ኃይሊ ከም ዝለብሱ እዩ።

፩ይ ዕርገት መጨረሽታ ምልክት ድሕነት ኣብ ምድራዊ ሕይወት ኢየሱስ እዩ። እዚ ማለት ከአ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ድሕሪ ዕርገቱ ብግዙፍ ኣካል ዝርአዮም ኣቋሪጹ። እዚ ግን ተልእኮ ኢየሱስ ኣብ መጨረሻ በጺሑ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ግ.ሓ. 1፡8 ተልእኩኡ ንሓዋርያቱ ክቕጽልዎ ኣብኦም ከምዝሓደሰ ክነግር እንከሎ ኣብ ኢየሩሳሌምን ኣብ ኵላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳብ ወሰን ምድሪ ኸአ መሰኻኽረይ ክትኮኑ ኢኹም ኢልዎም። ሓደ ዓይነት ተልእኮ ሕጂ እውን ብግልናን ከም ማሕበር ኣመንትን ቤተክርስትያን ተዋህቡና ኣሎ። እቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝተጀመረ ናይ ድሕነት ስራሕ ሕጂ እውን ብቤተ ክርስትያን ብኣና ኣባላታ ዝኾና ክቕጽል ኣለዎ። ኢየሱስ ኣብ ቤተ ክርስትያኑ ብዝተፈላለየ መገዲ ኣሎ ማለት ንሱ ዘይርአ መራሕ ኣብታ እትርአ ቤተ ክርስትያን እዩ። ካብዛ መዓልቲ ዕርገት ቀጺሉ ኣካላዊ ህላዌ ክርስቶስ ምስጢራዊ እዩ፥ እዚ ኸአ ክርስቶስ ኩሉ ጊዜ ምሳና ህልው ዝኸውን ኣብቶም እንጥቀመሎም ምልክታት ምስጢራት ኢልና እንጽውዖም ጥምቀት ሜሮን ቅ. ቊርባን፥ ንስሓ፥ ቃል ኪዳን ክህነትን ቅብአተ ሕሙማንን እዩ። ኣብዞም ምስጢራት ህላዌ ክርስቶስ ኣብዚ ዓለም እንከሎና ንምከረሉ።

፪ይ ዕርገት ኢየሱስ ካብ ሓዋርያቱ ከም ዝተፈልየሉ ክርአ ይክእል። ኣብ ግ.ሓ. 1፡1-11 ኢየሱስ ንሓዋርያት ከመኢሉ ከም ዝተሰናበቶም ንርኢ፥ እዚ ኸአ ኩሎም ምስኡ ከለዉን ንኹሉ ኩነታት ከም ስእሊ ገሩ እናኣቕረበ ይነግረና። ኢየሱስ ከም ሓደ ፍሕኛ/ባላንቺና ንላዕሊ ገጹ እናደየበ ክሳብ ምርኣይ ዝስእንዎ ቀስ ብቕስ ከም ዝተሰወረ ገሩ ይነግረና። እዚ ምናልባት ንሓዋርያት ከቢድ ነገር ነሩ ክኸውን ይኽእል እዩ፥ እንተ ኾነ ቅድሚ ምኻዱ ብዝሃቦም ዘሓጉስ ህያባቱ መሊእዎም እዩ። ህያብ ምርዳእ በዚ ኸአ ንቅዱስ መጽሓፍ ብምሉእ ክርድእዎ፥ ተስፋ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስን መጨረሻ ናይ ፍቕሪ ቡራኬ ምስ ተስፋ ከምዘይሓድጎም ክሳብ መወዳእታ ዓለም ምስኦም ከምዝኸውን ገሊጽሎም።

ኣብ ጊዜ ስንበት ዝተገብረ ፍጻሜ ናይ ክርስቶስ ዳግማይ ምጽኣቱ ጫፍ ተርእዮን ርግጽነቱን ሂብዎም። ኣቱም ሰብ ገሊላ ስለምንታይ ኢኹም ኣብ ሰማይ ኣማዕዲኹም እናጠመትኩም ደው ኢልኩም ዘሎኹም እዚ ኻባኻትኩም ናብ ሰማይ ዝዓረገ ኢየሱስ ከምቲ ናብ ሰማይ ኪዓርግ ከሎ ዝረአኽምዎ ከምኡ ገሩ ኸአ ኺመጽእ እዩ (ግ.ሓ. 1፡11)።

እዚ እምነት ሕይወት ድሕሪ ሞት ከም ዘሎ ዝገልጽ ኣብ ፩ይቲ ንባብና ኤፈ 1፡17-23 ንርእዮ። ኣዒንቲ ልብኹም በሪሁ ናይእቲ ዝጸውዓኩም ተስፋ እንታይ ከም ዝኾነ ምእንቲ ኽትፈልጡ፥ እቲ ንኣመንቲ ዘተስፈዎም ናይእቲ ኽቡር ርስቲ ሃብቲ እንታይ ከምዝኾነ ምእንቲ ክትግንዘቡ፥ ኣባና ኣብቶም እንኣምን ከአ እቲ ኺግመት ዘይክእል ዕቤት ኃይሉ እንታይ ከምዝኾነ ምእንቲ ክትፈልቱ እጽሊ ኣሎኹ ይብል። ኣብዚ እንርእዮ ጽቡቕ ጸሎትን ዘደንቕ ኣተሓሳስባን እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ነዚ ብዝያዳ ክገልጾ እንከሎ እግዚአብሔር ኣብ ንክርስቶስ ካብ ሙታት ዘተንሥኣሉን ኣብ ሰማያት ኣብ የማኑ ዘቐመጠሉን ኃይሉ እዩ ይብል (ኤፈ 1፡20)። ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐመጠ ዝብል ናይ ኣይሁዳውያን ውስጠዘ እዩ፥ ምስ ኣምላኽ ስልጣን ምክፋል ማለት እዩ።

ብኻልእ አዘራርባ እግዚአብሔር አብ ንወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ጎይታ ሰማይን ምድርን ገርዎ ማለት እዩ። በዚ ምኽንያት ኢና እምብአር ብዓል ዕርገት እነብዕል ዘሎና።

ቅ. ጳውሎስ መግለጺኡ ብዝያዳ ይቕጽል እሞ ክርስቶስ ሕያው አሎ፥ ንሕና ምድራውያን ሰውነቱ ኮና። ሰውነቱ ስለ ዝኾና ንኻልኣት ክርስቶስ ክንኮነሎም አሎና። ንሱ ሓንሳብ ንምድሪ ምስ ሓደጋ ንስርሑ ክንቅጽል ምእንቲ መንፈሱ ሂቡና።

ናይ ሎሚ ወንጌል ንባብና ካብ ማርቆስ እዩ ከምኡ ልክዕ አብ ማቴ 28፡16-20 ንረኽቦ ኢና። አብ ክልቲኦም ወንጌላውያን ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ዝዓበየ ተልእኮ ክሰብኩን ብስም አብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን አብ ኩሉ እናኽዱ ከጠምቑን ከም ዝልአኾም ይነግረና። ዓላማ ተልእክኦም ንኹሉ ዘጠቓለለ ሓፈሻዊ እዩ። ተልእክኦም አብ ኩሎም አሕዛብ እምበር አብ እስራኤል ጥራሕ አይኮነን። አብ ምእተዊ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ክርአዮም እንከሎ ከም ጎይታ ኩሉ ዓለም እዩ ተራእይዎም። ርእይ ምስ አበልዎ ኩሉ ዘጠራጥር ነገራት ካብኦም ተቐንጢቱ፥ ክዛረቦም እንከሎ ብቃላት ትእዛዝ እዩ ዝነገሮም። ግን እቲ ዝሃቦም ምስኦም ኩሉ ጊዜ ከምዝህሉ ዝገልጽ ክሳብ ክንደይ ምስኦም ጥቡቕ ርክብ ከም ዝህልዎ ይገልጽ። ክሳብ መወዳእታ ዓለም ምሳኹም ክህሉ እየ።

ብዓለ ዕርገት እምብአር እንንናጸፎ ክብረ ግርማ መጻኢ ተስፋናን ዋሕስና ንጎይታ አብ መንግስተ ሰማይ ከም እንረኽቦ ዘረጋግጽ እዩ። ዕርገት መዘኻከሪ ድሕነትናን እቲ ሓቀኛ ቤትና መንግስተ ሰማይ ከምዝኾነ ዝገልጽ እዩ። ሎሚ እምብአር ኩኖ እዚ እንነብሮ ዓለም ርኢና ክንክእል መወዳእታና አብቲ ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ እንሳቶፎ አብ መንግስተ ሰማይ ከምዝኾነ አለሊና ጉዕዞና ክነቕንዒ ይግባእ። እዚ እንነብሮ ዓለም ግዝያውን ሓላፊ ምኺኑ እምበር ዘለዓለማዊ ከምዘይኮነ ክንፈልጥ አሎና። አብ ገለ እዋን እዚ እንነብሮ ዓለም ጥራሕ ቀዳምነት ሂብና ስለ እንነብር ሎሚ ክንበራበር ንሕተት አሎና። ሕይወተይ ከመሎ ንሰማይ ዝኸውን ስንቂ ሒዘዶ እጉዓዝ አሎኹ ክንብል ይግብአና።

ብተወሳኺ ብዓለ ዕርገት ንመጻኢ ዝጽበየና ዘሎ ድሕሪ ሞት ንዘሎ ነገራት ክንሓስብ ጥራሕ አይኮነን ዘዘኻኽረና አብዚ ሕይወት ከሎና ክንከዶ ዘሎና መገዲ እውን የዘኻክረና እዩ። ኢየሱስ ቅድሚ ዕርገቱ ንሓዋርያቱ ልኢኽዎም ንአና እውን ሎሚ ይልእኸና አሎ። መሰኻክሩ ክንከውን ንተልእኮኡ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ክሳብ ብዳግም ዝመጽእ ክነብጽሖ ንልአኽ አሎና። ብሓቂ ዓቢ ሓላፍነት/ተልእኮ እዩ። ግን ቅድሚ ንኢየሱስ ንኻልኦት ምስባኽና መጀመርያ ኢየሱስ ጎይታ ልብና ምኺኑ ክነረጋግጽ አሎና። እዚ እንገብሮ ኸአ እናጸለና አብ ቃላቱ ክነስተንትን ከምቲ ንሱ ዝመሃሮ ብምንባርን ንትእዛዛቱ ብምሕላውን እዩ። አብ ኩሉ ሕይወትና ተግባርና ንኢየሱስ ክንመስል ክንጽዕር አሎና። ድሕሪኡ ነቲ ሰናይ ብሥራት ንካልኦት ክንሰብኽ ብቃልናን ተግባርናን ጥራሕ ዘይኮነ ብምሉእ ሕይወትና ኸው ኢየሱስ አብ ልባቶም ክነግስ እሞ ሓንቲ ምዓልቲ ኩልና ምስኡ አብ መንግስተ ሰማይ ክንህሉ ኢና።

ብዓልና ባሪኹ ቅዱስ ሕይወት እንመርሕን ነሕዋትና አፍደገ ሰማይ እንኸፍትን ይግበረና።

ብሩኽ ብዓል።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ